## ሓበሬታ ስደተናታት ሓተቲ ዕቆባ ብምኽንያት ሓድሽ ሕጊ

**እዚ ሓድሽ ሕጊ ናብ እስራኤል ጸሊቀም ንዝኣተዉ ዝክልክል ኮይኑ ካብ ዕለት** 17 **ታሕሳስ** 2014 **ኣብ ተግባር ውዒሉ ኣሎ። ነዚ ተማሓይሹ ዝወጸ ሕጊ ብምቅዋም ድማ ብዙሓት ትካላት ተማበቀቲ ሰብኣዊ መሰላት ናብ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ እስራኤል ናይ ይግባይ ጥርዓን ኣቕሪበን ይርከባ። እቲ ናይ ይግባይ ጥርዓን ኣብ መስርሕ ዘሎ ኮይኑ፡ ብዕለት** 3 **ለካቲት** 2015 **እዚ ጉዳይ ኣብ ላዕላዋይ ቤትፍርዲ ዝዋዓለ መጋባእያ ተራእዩ ኣሎ ፡ ቤት ፍርዲ ድማ ውሳነ ክህብ ንጽበ ኣለና። በዚ ሓድሽ ሕጊ ክፉት መንበሪ መዓስከር "ሆሎት" ንሃገሮም ክኸዱ ዘይደልዩ ስደተኛታት ክም መንበሪ ኮይኑ ክቅጽል ዝተመስረተ ኮይኑ፡ በዚ መሰረት ድማ "ሆሎት" ከም መንበሪ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ ኮይኑ ን 20 ኣዋርሕ ከገልግል እዩ።**

<u>እዚ ሓድሽ ሕጊ ከም ዝገልጾ ድማ ዝኾነ 2(a)5 **ቪዛ ዘለዎ ካብ** 30 **መዓልቲ ንላዕሊ ዘይተሓደሰ ብኸምዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣብተን ዘለዋ ቤት ማእሰርቲ (ማለት ሳሃሮኒም ወይ ድማ ጊብኦን )ክእሰር ይኽእል፥፡**</u>

ሀ)ዝኾነ 2(a)5 ቪዛ( ኮንዲሽናል ቪዛ) ዘለዎ ካብ 30 **መዓልቲ ክሳብ** 60 **መዓልቲ** ቪዛ ዘየሓደሰ ክሳብ 60 **መዓልቲ** ክእሰር ይኽእል ። ድሕር'ዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።

ለ) 2(a)5 **ቪዛ ዘለዎ ካብ 60 ክሳብ 120 መዓልቲ** ዘሕለፈ ክሳብ **75 መዓልቲ** ክእሰር ይኽእል ድሕሪዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።

ሐ) 2(a)5 **ቪዛ ዘለዎ ንልዕሊ 120 መዓልቲ** ዘሕለፈ ንልዕሊ ን **90 መዓልቲ** ክእሰር ይክእል። ድሕሪዚ ድማ ናብ ሆሎት ይምለስ።

**ብመሰረት እዚ ሓድሽ ሕጊ ቪዛኹም ኣብ ግዚኡ ምሕዳስ ብጣዕሚ ኣገዳሲን ወሳንን እዩ**

ሓተቲ ዕቁባ ስደተኛታት ቪዛኹም ኣብዞም ዝስዕቡ ናይ ኢሚግረሽን ቤ/ጽ ቪዛኹም ከተሕድሱ ትኽእሉ፤፡

- **ጎደና በኔብራክ** ቁጽሪ 68 (ሚብጻ ካደሽ) ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓት 8፡00 ክሳብ ሰዓት 17፡00.
- **በርሽባ ጎደና** ሃቲክቫ ቁጽሪ4 ሰንበት ፡ሰሉስ፡ ሓሙስ ካብ ሰዓት 16፡00 ክሳብ 18፡30.
- **ኤላት** ኣብ ጎደና ሃሙትዛር ቁጽሪ 4 ረቡዕ ካብ ሰዓት 12፡30 ክሳብ 18፡30 ሓሙስ ካብ ሰዓት 8:00 ክሳብ ሰዓት 13፡00

<u>**ብመሰረት ብዕለት 17 /12/2014 ቢምግረሽን ዝተገልጸ ውሳነ ንሆሎት ንኽትከይድ ዘድልዩ ተወሰኽቲ መምዘኒታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡**</u>

- **ሱዳናውያን ደቂ ተባዕትዮ ቅድሚ 31/12/11 ናብ እስራኤል ዝኣተዉ።**
- **ኤርትራውያን ቅድሚ 31/07/11 ናብ እስራኤል ዝኣተዉ( ከምኡ ውን ወርክ ቪሳ/ ናይ ስራሕ ቪዛ ዘለዎም የጥቃልል)።**
- **ኣብ ገበን ዝተሳተፉ ወይ ድማ ብገበን ተከሲሶም ናይ ገበን ፍርዶም ዝፈጸሙ።**
- **ስድራቤት ዘለዎም ደቂ ተባዕትዮ ናብ ሆሎት <u>ኣይ ከዱን</u> እዮም።**

ብመሰረት ሕጊ ካብ ሆሎት <u>ናጻ</u> ዝኾኑ ፡ ደቂ ኣንስተዮ ፡ ትሕቲ ዕድመ ፡ ትሕቲ ዕድመ ውላድ ኣብ እስራኤል ዘለዎም ወለዲ ፡ ልዕሊ 60 ዓመት ሰብኡት ከምኡ ድማ ብርቱዕ ናይ ሕክምና ወይ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ፡ ግዳይ ናይ ምስግጋር ደቂ ሰባት ዝኾኑ(ኣብ ሲናይ ተጨውዮም ዝነበሩ) የጠቃልል።

ቪዛ ኣብ ተሕድስሉ ግዜ እንተ ደኣ ኤመግረሽን ንሆሎት ክጽውዕኹም መዲቦም ጉዳይኩም ናይ ዝስምመዓሉ ግዜ ናይ ቀጸራ ዕድመ ክህብኹም ኢዮም ። ክሳብ እቲ ናይ ቀጸራ ዕለት ድማ ቪዛ ክወሃበኩም እዩ።

<u>**ኣብ መዓልቲ ቆጸርኹም ማለት ጉዳይኩም ዝስመዓሉ ዕለት ኩሉ ኣድላዪ እትብልዎ ሰንዳት ሒዝኩም ቅረቡ። ን ኣብነት ብኸምዚ ዝስዕብ፡**</u>

ሀ) **ዝተመርዓኻ ወይ ድማ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣብ እስራኤል** ዘለካ ምስትኽውን ፡ ምስ <u>**መጽምትኻ**</u> ናብ ቤ/ጽ ኢምግረሽን ብምኻድ ንጥርዓንካ ዝድግፍን ዘረጋግጽን ሒዝካ ቅረብ። ከም ኣብነት፥

- መረጋገጺ ወረቀት ትውልዲ ካብ ሆስፒታል (ኦርጂና ወይ ድማ ኮፒ) ኮይኑ ናይ <u>ክልተ ወለዲ ስም</u> ዝተጻሕፎ ቁጽሪ ቪዛ ናይ ክልተ ወለዲ ኣብቲ ሰነድ ዝተንነጸረ ክኸውን ኣለዎ።
- ውጺኢት መረመራ ናይ ጥንሲ ፡ ናይ ትውልዲ ሰርቲፊኬት፣ ናይ ጥምቀት ሰርቲፊኬት ካብ እስራኤል ወይ ድማ እቲ ቆልዓ ካብ ዝተወልደሉ ሃገር።
- ናይ ቃል ኪዳን ሰርቲፊኬት ካብ ዝመጻኻሉ ሀገር ወይ ድማ ካብ ኣብ እስራአል ዝርከባ ቤተ ክርስቲያን የድሊ፥፡ እቲ ሰረቲፊኬት ብትግርኛ ወይ ድማ ብኣምሓሪኛ **እንተኾይኑ ብኢንግሊዝ ከም ዝተጻሕፈ** ውን ኣረጋግጽ።
- ሰርትፊኬት ካብ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ብመንግስቲ ፍሉት ካብ ዝኾነ መዋእለ ህጻናት ኮይኑ ስም ናይ ክልተ ወለዲ ቁጽሪ ቪዛን ስም ናይ ቆልዓን ዝተጻህፎ ክኸውን ኣለዎ።
- ደብዳቤ ካብ ማህበረዊ ጉዳያት፡ ሶሻል ዎርከር ፡ ዶኩቶር/ጠበቃ/ዋና ገዛ/ ኣሰራሒ ወይ ድማ ዝኾነ ንስድራቤት ዝፈልጥ ሰብ ምስክርነቱ ክህብ ይኽእል። ኣብዚ ደብዳቤ ኣስማት ቁጽሪ ቪሳ ናይ ክልተ ወለዲ ብንጹር ዝተጻህፈ ምኻኑ ኣረጋግጽ።
- ኣቀዲምካ ምሉእ ስድራቤት ኣብ ዩኤን (UNHCR) ኣመዝጊብካዮም እንተነርካ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዩኤን (UNHCR) ናይ ዝተመዝገቡ መረጋገጺ ክህቡኻ እዮም።
- ናይ ስድራቤት/ ናይ መርዓ ስእልታት

ለ) **ናብ እስራኤል ትሕቲ ዕድመ እንተ ኣትኻ ከም ኡ ድማ ኣብ ናይ እስራኤል ቦርዲን (ኣሕዳሪ ቤትምህርቲ) እንተ ተማሂርካ።** መሰነይታ ሰነድ ካብ ዝተማሃርካሉ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሒዝካ ናብ ኢምግሬሽን ቅረብ። ብተወሳኺ ድማ እቲ ዝተወልደካሉ ዕለት ብትኽክል እንተ ዘይ ተመዝጊቡ ዝኾነ መሰነይታ ክኾነካ ዝኽእል ደብዳቤ ካብ ቤ/ት ትምህርቲ ወይ ድማ ካብ ሶሳል ዎርከር (social worker) ብምምጻእ ንኢምግረሽን ኣቕረበሎም።

ሐ) **ዕድመ 60 ዓመት ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ** ምስዝኸውን ኣብ ቪዛ ክጸሓፍ ኣለዎ ። ኣብ ቪዛ ዝኾነ ጌጋ እንተ ተፈጺሙ ግን ዘለካ ናይ ደገፍ ደኩሜንት ማለት ከም መንነት ፡ ናይ ትውልዲ ሰርቲፊኬት ፡ፓስፖርት ሒዝካ ናብ ኢምግረሽን ቅረብ፥፡

መ) **ፍሉይ ናይ ጥዕና ወይ ኣእምሮ ጸገም እንተለካ ድማ ንኢምግረሽን** ኩሉ ክሕግዘካ መሰነይታ ሰነዳትካን ኣቕረበሎም፡ ብተወሳኺ ድማ ካብ ሓኪምካ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኻ ዝገልጽን ትወስዶም ዘለኻ መድሃኒትን ፡ መድሃኒት ብዘይ ምርካብካ ከጋጥመካ ዝኽእል ሓደጋን ዝገልጽ ደብዳቤ ኣቕርበሎም። ናይ ሕክማና ፋይልካ ኣብ ምድላው ሓገዝ ምስ ትደሊ ድማ ንቤ/ጽ ሓካይም ንሰብኣዊ መሰላት ተወከስ። ኣድራሻ ድማ ኣብ ጎደና ዶሮር 9 ያፎ ኣዩ።

ሰ) **ካብዚ ወጻኢ ፍሉይ ምኽንያት ምስ ዝህልወካ** ጉዳይካ ኣብ ዝረኣየሉ ግዜ ኣቕርቦ፡ ንእምግሬሽን ድማ መርትዖ ዝኾነካ ሰነድ ኣቕርበሎም።

- ኣስተውዕሉ ኣብ እስራኤል ቃንቃታት ሄብረው፡ ኢንግሽ፡ ዓረብ ቅቡላት ቃንቃታት እዮም ሰለዚ <u>**ዝኮነ ብእንግሊሽ ይኹን ብዓረብ ዘለኩ ደኩሜንት ምትሩጋም ኣየድሊየኩምን እዩ።**</u>

<table><tr><td>እዚ ሕጊ ዝኾነ ሰብ ንሆሎት ቅድሚ ምጽውዑ ጉዳዩ ግቡእ ምስማዕ ክግበርሉ ይሕብር። ስለዚ ጉዳይኩም ኣብ ዝረኣየሉ ክሕግዘኩም ዝኽእል ሰነዳት ምሳኹም ተማልእዎ። ኩሉ ሰነዳትኩም ምምላእ ኣየድልየኩምን እዩ ፡ እንተ ኮነ ግን ክሕግዘኩም ዝኽእል ኣገዳሲ ትብልዎ ሰነዳት ክትማልኡ ግን ንሕብር። <u>ጉዳይኩም ኣብ ዝሰማዓሉ ግዜ ዋላ መርትዖ ኣይሃልኩም ኩሉ ጉዳያትኩም ኣቕርብዎ።</u> ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ቅጥዕታት ከተማልኡ እንተ ዘይኪ ኢልኩም ወላውን እስራኤል ዝኣተኹምሉ ግዜ ጥቀስዎ።</td></tr></table>

<u>**ነዚ ኹሉ ጌረ ኢምግረሽን ንሆሎት ዝብል እንተ ሂቦምኒ/ ነቲ ጻዊዒት ናይ ሆሎት እንተ ዘይሰሪዞም'ኸ፡**</u>
በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መሰረት ኣብ ናይ ስርሕ ሰዓታት ናብ ሆትላይን መጺኻ ተወከስ።

<table><tr><td>ኣስተውዕሉ ኣብዚ ደረጃ ሆትላይን ብፊላይ ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳይት ጥራሕ ክተሓጋገዝ ይኽእል፡ ሀ) ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘልለዉ ቅጥዕታት እንተዝየማሊእካ ግን ጭብጢ ወይ መርትዖ ምስ ዝህልወካ ። ለ) ናብ እስራኤል ትሕቲ ዕድመ እንተ ኣትኻ ከም ኡ ድማ ኣብ ናይ እስራኤል ቦርዲን( ኣሕዳሪ ቤትምህርቲ) እንተ ተማሂርካ። ሐ) ካብ ግዳያት ስቃይን/ ግፍዕታት መጭወይቲ ሲናይ ዝደሓኑ ምስ ትኸውን መ) ኣብ ሆሎት ዘለው ሓካይም ክትፍታሕ እንተ ኣዚዞም ሸ) ካልእ ፍሉይ ምኽንያታት ምስ ዝህሉወካ።</td></tr></table>

<u>**ንቀረጽ ፡ ክፍሊት ደሞዝ፡ ናይ ትሕጋግ ክፍሊት ዝምልከት**</u>
እዚ ሓዲሽ ሕጊ ሓድሽ ኣገባብ ቀረጽ ኣብ ልዕሊ ኣስራሓይን ፡ ሰራሕተኛ ሓታቲ ዕቁባ ኣተኣታቲዩ ኣሎ። ኣብግምት ከኣቱ ዘለዎ ድማ እዚ ሕጊ ተግባርዊ ቅድሚ ምኻኑ ምኒስትሪ ፋይናንስ ፍሉይ ቅጥዕታት ከዳሊ ኣለዎ። እዚ ከኣ ብዙሕ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ፥፡ እንተ ደኣ ኣስራሕትኹም ካብ ደሞዝኩም እዚ ሓድሽ ቀረጽ ክወስድልኩም ጀሚሮም ፡ ካብ ኣስራሒኹም ክፍሊትኩም ክትወስዱ ደሊሊኹም ፡ ብምኽንያት ሆሎት ስለ ዝተጸዋዕኩም ካብ ስራሕ እንተ ተሰጉኩም፡ ብዝቀልጠፈ ናብ ቤ/ጽ ካቭ ላኦቨድ ጎደና ናሃላት ቢኒያሚን ቁጽሪ 75 4ይ ደርቢ ክትውከሱ ኣለኩም።

<u>**ንኹሉ ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊኤ ሆትላይ ክሕጉዝኒ ፡እንተዘይ ክኢሎምከ?**</u>
ሆትላይን ክሕግዘካን ካብ ናይ ሆሎት መጸዋዕታ ከትርፈካ እንተዘይ ኪኢሉ፡ ብዛዕባ ዝተወህበካ ውሳነ ይግባይ ምባልን ጠበቃ ምግባርን መሰል ከምዘለካ ምፍልላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብፊላይ ድማ ናይ ገንዘብ ዓቕሚ ምስ ዝህልወካ። ብምኽንያት ፍርሂን፡ኣብ ሃገርካ ክበጽሓካ ዝኽእል መጉዳእቲ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ዘይ ትኽእል ምስትኸውን ኣብ እስራኤል ዕቁባ ናይ ምትሕታት መሰል ኣለካ ። ክሳብ ሕጂ ዕቁባ እንተ ዘይ ሓቲትካ ድማ ሕጂ ዕቁባ ሕተት። ኣብዚ ዕድል ተዋሂቡካ ዘሎ ግዜ ዕቁባ ኽትሓትት እንተዘይ ኪኢልካ ኣብ መጻኢ እቲ ዕድል ዘይ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ዋላ እካ ካብ ሆሎት ምኻድን ምትርፋፍ ጽልዋ እንተ ዘይብሉ ካልእ ረብሓታት ክህልዎ ግን ይኽእል እዩ፥፡ ዕቁባ ኣብ ምምላእ ድማ ARDC ክተሓጋገዙኻ ይኽእሉ እዮም ። ኣድራሻ ኣብ ተካናት መርከዚት 4ይ ደርቢ ጥቃ ሕክምና ናይ ሰደተኛታት እዩ፥፡

<u>**ቪዛ እንተ ኣጥፊኤ ኸ?**</u>
ከም መቕጻዕቲ 270 ኣብ እንዳ ፖስጣ ክትከፍል የድልየካ ፥፡ ፎርም ክትመልእን ዘድልየካ ደኩመንት ክተወሃብን ምስ ትደሊ ን ቤ/ጽ ኢምግረሽን ተወከስ፥፡

22 ሓምለ 2015

<u>**ሆትላይን ንሰደተናታትን ንሰራሕ ዝመጹን ዝጣበቕ ማሕበር**</u>
ሰዓታት ስራሕ:
**ሰንበት** ካብ 9፡00 ክሳብ 11፡45 ካብ 15፡00 ክሳብ 18፡00
**ረቡዕ** ካብ ሰዓት 14፡00 ክሳብ 18፡00
**ሰሉስ ሓሙስ** ካብ ሰዓት 9፡00 ክሳብ 13፡00